# ንኤርትራ ገንሸል ጌርካ ምቕራብ የብቅዕ

ወያነ ጥልመት፡ ሓሶት፡ ዓመጽ፡ ጽልኢ፡ ቅርሕትን ርእሰ ምትሓትን ናይ ሎሚ ዘይኮነ ውርሻ ኣብሓጎታቶም እዩ።

ጥልመት ወያነን ውርሻ ኣብሓጎታቶምን ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ጽንዓትን መኸተን ህዝቢ ኤርትራ ብዝብል ኣርእስቲ ክሳብ 6ተ ክፋል ተንቲነዮ ነይረ ኣብ ደሃይ ኣቲኹም ርኣይዎ።

ሓሶት ዓሎቕ ተንኮል ግዚኡ ሓልዩ ፈሻሊ እዩ። ወያነ ነበረያ ነበረ ከም ዝኾኑ መራሕትና ቅድሚ 11 ዓመት ሓቢሮሙና እንሆ ድማ ትምኒቶም ሰሚርሎም።

ልኡኻት ወያነ ዝኾኑ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት በሃልቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘካይድዎ ሸርሒ ኣብ እዋኑ ክግለጽ ጸኒሑ ምድጋሙ ብዙሕ ትርጉም የብሉን።

ኣብ ደገ ዝርከቡ ጁንታውያን ናይ ርዋንዳ ህልቂት ካብ ኮምፑተር ስእልታት ኣኻኺቦም ብሰራዊት ኤርትራ ኣብ ኣኽሱም ከም እተፈጸመ ኣምሲሎም ንማሕበረሰብ ዓለም ኣቕሪቦም። ሓሶት ስለ ዝኮነ እቲ ጸብጻብ ነንበይኑ እዩ። ኣሉላ ሰሎሞን 500 ክብል እንከሎ ማርቲን ብላውት 780፡ ፍስሃ ተኽለ ድማ 200 ሰባት ብሰራዊት ኤርትራ ኣብ ኣኽሱም ተጨፍጪፎም ኢሉ።

ኣቲ ዘገርም ወያነ ጥራሕ ዘይኮኑ ዋላ እቶም ምዕራባውያን ሃገራት ስም ኤርትራ ከየልዓሉ እንተ ውዒሎም መርዘኖም ትለዓሎም፡ እዚ ንዓና ንኤርትራውያን የሐብነና እምበር ኣየሰንብደናን እዩ። በዓል ኣሉላ ሰሎሞን መን ምኳኖም ኣጸቢ.ቕኩም ስለ ትፈልጡ ተግባራቶም ምትንታን ኣድላይነት የብሉን።

ፍስሃ ተኽለ ዝተባህለ ወዲ ዓድዋ ኮይኑ ብዓልቲ ቤቱ ድማ መንበረ ገብረሃዋርያት ትበሃል ናይ ቀረባ ቤተሰብ ስብሓት ነጋ እያ። ወያነ ንፍስሃ ተኽለ ብካድርነት መልሚሎም ንወጻኢ ክመሃር ሰዲዶሞ። ምስ ተመልሰውን ምስ በዓል ሱዛን ራይዝ ተረዳዲኡም ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሓላፊ ሰብኣዊ መሰላት ምስ ሓበን ፍቓዱ መዚዞሞ። እዞም ክልተ ሰባት ምስ በዓል ጌታቸው ኣሰፋ፡ በረኸት ስምኦን  ኣብ ኤርትራ ዘየሎን ዘይነበረን ወቒጦም ኰሓሒሎም ኩሉ ውዲታትን ሸርሕን ንሸላ ኣረኪቦም ኤርትራ ን10 ዓመት ብእገዳ ከም ትሳቐ ገይሮም። ካድረ ወያነ ዝኾነ ኣብ ሆስፒታል ቦስቶን ንኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያን ከም ተርጓሚ ዝፍለጥ ሚካኤል በርሀ ኣብ ቦስቶን ዝቕመጥ፡ ሓንቲ መዓልቲ ቤተክስቲያን ተሳሊሙ ዘይፈልጥ ሎሚ ግን ክዳን ካህን ተኸዲኑ ብስም ቀሺ ወልደማርያም ናይ ኣኽሱም ቤተክርስቲያን ዓጣን ደብሪ እየ ከም ዝበለ ዘይሰምዖ ሰብ የለን። እዚ መደናገሪ ውልቀሰብ ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ኣኽሱም ብረቶም ለጕሞም ከርሸኑና ምስ መጹ ኣብ እግሮም ወዲቕና ለሚናዮም እንተ ኮነ ግን ዕጭ ኢሎም ኣብዮምና ነቲ ህዝቢ ኣብ ማእከል ቤተክርስቲያን ኣትዮም ረሸኖሞ ክብል ኣብ ማሕበረሰብ ዓለም ቃል ምስክርነቱ ሂቡ። ኣስዒቡ ታቦት ኣኽሱም ንኤርትራ ክዘምትዋ ፈቲኖም ነይሮም ኣይሰለጦምን ብምባል ኣብ ቅርዓት ወጺኡ ሓሶቱ ዘርጊሑ።

እዚ ድማ ሸለልትነት ናትና እዩ ነዞም ከምዚኦም ሓሰውቲን መደናገርትን ክሲስና ብሕጊ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ክሕየሩ ክንገብር ይግባእ። ሕጂውን ማይ ኣይሓለፎን ኣብ ቦስቶን ዝቕመጡ ኤርትራውያን ኣብ ልዕሊ ቀሺ ወልደማርያም (ሚካኤል በርሀ) ክሲ ክምስርቱ እላቦ።

ከም በዓል ፍስሃ ተኽለ ቴድሮስ ኣድሓኖም ካልኦትን፡ ኣንጻር ህዝቢ ኤርትራ ጕስጓሳት ንኽካይዱ ብዙሓት ኣብ ኣድላይቲ ቦታታት ተሰኲዮም ኣለው። በዚ ምኽንያት ዘጋጥሙና ብድሆታት ቀሊል ኣይክኾኑን እዮም።

ብተወሳኺ ፍስሓ ተኸለ እቲ ኣብ ኣኽሱም ተኻይዱ ዝበሃል ናይ ሓሶት ጠቐነ ካብ ህዝቢ ኣኽሱም ዘረጋገጸ ዘይኮነ ኣብ ማይካድራ ንህዝቢ ኣምሓራ ጨፍጪፎም ንሱዳን ዝሃደሙ ብሳምሪ ዝፍለጡ ጁንታውያንን ኮምኡውን ብሚካኤል በርሀ ማለት ነፍሱ ቀሺ ወልደማርያም ኢሉ ዘፋለጣ ጁንታውያነ ከም ዘረጋግጸ ሓቢሩ። ኣኽሱም፡ ዓድዋ መቐለ ካብእተን ብዙሕ ኩናት ዘይተኻየደለን ከተማታት ሰሜን ኢትዮጵያ ብዙሕ ሰላማዊ ሰብ ዘይሞተን ምኳነን ብዙሕ ግዜ ክሕበር ጸኒሑ።

ኣነን ብጾተይን ኣብ ኣኽሱም ደዊልና 3ተ ሰባት ረኺብና ኩነታት ኣኽሱም ሓቲትናዮም። ዝኾነ ጅምላዊ ቅትለት ኣብ ኣኽሱም ከምዘይተፈጸመ ሓቢሮሙና። ብተወሳኺ ነቲ ክውንነት ከተረጋግጹ ካብ ኣኽሱም ሃዲሞም ኣብ ሱዳን ተዓቚቦም ዘለው መንእሰያት ኣስማቶምንን ተሌፎኖምን ክንህበኩም ደዊልኩም ሕተትዎም ኢሎሙና። በቲ ዝሃቡና ተሌፎን ደዊልና ሓቲትናዮም ዝሃቡና መልሲ ከምዚ ዝስዕብ እዩ።

ሰራዊት ኢትዮጵያ ቅድሚ ኣኽሱም ምእታዎም ወያነ መጺኦም ንኹልና ኣኪቦም ብረት ሒዝኩም ተዋግኡ እምቢ ምስ እትብሉ ኣዚኣ ክንርሽነኩም ኢና ኢሎም ኣፈራሪሖሙና፡ ንሕና ከይርሽኑና ፈሪሕና ሕራይ ኢልናዮም ብድሕሪኡ ኩላትና ተሰማሚዕና ንሱዳን ሃዲምና። እዚ ፍስሃ ተኸለ ዝብሎ ዘሎ ሓሶት እዩ ንሕና ንግዕተብና ንምስክር፡ መንእሰያት ኢና። ኣብ ኣኽሱም ዝኾነ ህልቂት ከምዘይተፈጸመ ከነረጋግጸልኩም ንፈቱ። እዞም ዕሱባት ከም በዓል ፍስሃ ተኸለ ኮነ ኢሎም ምስ ህዝቢ ኤርትራ ከባእሱና ደልዮም ዝኣለምዎ ተንኮልን ምህዞን ምኳኑ ገሊጸሙልና።

ድምጺ ኣመሪካን፡ CNN፡ BBC፡ ኣልጀዚራ ድሌታት ምዕራባውያን ንምርዋይ ተመዊለን ናዕቢ ንምፍጣርን ንምንቛት ዘይተረጋገጸ ወረ ይነዝሓ ኣለዋ።

ናይ ፊላንድ ወጻኢ ጉዳይ ምኒስተር ፐካ ኦላኒ ሃቪስቶ (Pekka Olavie Haavisto) ዝትባህለ ብኤውሮጳዊ ሕብረት ተወኪሉ ንኢትዮጵያ ከይዱ ኩነታት ሰሜን ኢትዮጵያ ክዕዘብ ተላኢኹ እዚ ውልቀሰብ ግን ሓቂ ክምስክር ስለ ዘይተዓደለ ካብ ኣዲስ ኣበባ ንሱዳን ከይዱ ነቶም ኣብ ማይ ካድራ ዝጨፍጨፉ መንእሰያት ተራኺቡ ንዓዱ ተመሊሱ። ብድሕሪኡ ዘየሎን ዘይነበረን ብዛዕባ ኤርትራ ጸብጻብ ከቕርብ ተዳልዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን በቶም ዘይጸዓዱ ፍውያት ኤርትራውያን ብዝገበርዎ ናይ ትዊተር ስጉምቲ እቲ ጉዳይ ንግዚኡ ቅሂሙኳ እንተኾነ ኣብ ሚላኖ ሓንቲ ናይ ወያነ ልእኽቲ ዝኾነት ዲያና ደ ማርኪ ዝተባህለት ውልቀሰብ ን313 ኣባላት ባይቶ ሚላኖ ኣፈሪማ ኣብ ባይቶ ኣቕሪባ ንኤርትራ ከተነውር ተበጊሳ። እንተኮነ ግን ተበዓት ብጾትና ነቲ ምስጢር ምስ ረኸብዎ እቲ ሓበሬታ ቀልጢፎም ዘርጊሖሞ። ከምዚ ናይ ፊላንድ ወጻኢ ጉዳይ ምኒስተር ፐካ ኦላኒ ሃቪስቶ (Pekka Olavie Haavisto) ኩሉ ኤርትራዊ ብትዊተር ዓቕሎም ምስ ኣጽበብሎም ጉዳይ ኤርትራ ከልዕሉ ኣይመረጹን።

ጸሓፊ ወጻኢ ጉዳይ ኣመሪካን፡ ወጻኢ ጉዳይ ጀርመን ዘመሓላልፍዎ ዘለው መልእኽቲ ሸለል ኢልና ክንሓልፎ ዘይብልና ጉዳይ ምኳኑ ክሕብር እፈቱ።

ኣብ ልዕሊ መዓስከር ስደተኛት መንእሰያት ኤርትራውያን ዝወረደ ህልቂት እኹልን ጭቡጥን ሓበሬታታት ረኺብና ከነቃልሖ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ማሕበረሰብ ዓለም ከነቕርቦ ኣሎና። በዓል ወይጦ ሓረገ ቀለታ እቲ ጅምላዊ ቅትለት ናብ ሰራዊት ኤርትራ ከላግብሉ ዘይደወላሉ መዓስከር ስደተኛታት ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ኮቶ ኣይነበረን። ኩሎም እቶም ዝደወለትሎም ዝሃብዋ መልሲ ግን ምልሻ ትግራይ ክሳብ ኣብ ቤተክርስቲያን ኣትዮም ረሺኖሙና ዝብል ነይሩ። ብኸመይ ፈሊጥኩም ዝብል ሕቶ ሓቲታቶም ኣብዚ ምሳና ዝውዕሉ ዝነበሩ ደቂ እቲ ከባቢ ምልሻ ወያነ ምኳኖም ምስ ሓበርዋ ደጊማ ክትሓትት ኣይከኣለትን። ኣብ ኩለን መዓስከራት ሰሜን ኢትዮጵያ ፍሉይ ሓይሊ ወያነ፡ ጉጅለ ደመሓኤ፡ ኣድሓኖም ገብረማርያም ዘዋደዶም ጉጅለ ስመር፡ ጉጅለ ኩናማ ኩሎም ብሓደ ኮይኖም ልዕሊ 1000

መንእሰያት ብጠያይትን ቦምብታትን ጨፍጭፈሞም። እቶም እግሮም ኣብ ዝመርሖም ዝሃደሙ መንእሰያት ድማ ንብዙሓት ኣርኪቦም ተመልከተለይ ኢሎም ብጥይት ቀሊቦሞም። ክሳብ ሎሚ ሬስኦም ኣብ ጎቦታት ይርከብ ኣሎ። ልዕሊ 5000 ዝኾኑ መንእሰያት ጠፊኦም ድሃዮም ኣይተረኽበን። ልዕሊ 500 ደቂ ኣንስትዮ ትሕቲ ዕድመ ዝርከብኦን ኣብ ቅድሚ ደቀን ተዓሚየን። ምዕማጽን ስርቅን ኣመልን ውርሻን ስለ ዝኾነ ኣብ 2000 ዓ/ም ኣሽሓት ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራውያን ኣብ ቅድሚ ሰብኡተንን ደቀንን ተዓመጸን ባዕሎም ማሕበረሰብ ዓለም ሰኒዶሞ ከብቅዑ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝተኻየደ ዓመጽ ምዕራባውያን ሃገራት ከም ቅቡል ወሲዶም ከስቅጡ መሪጾም። ዓመጽ ጥራሕ ኣይነበረን ከብትን ጥሪትን ንብረትን ተዘሚቱ እዩ። ዘይርሳዕ ግፍዕታት ወያነ ብዝብል ብስነ ጥበባዊ ግደይ ገብረሚካኤል ዝቐረበ ካብ ማይ ባሕሪ ብጭልፋ ቅድሚ 2ወርሒ ኣብ ዩቱብ ተዘርጊሑ ኣሎ ርኣይዎ። ብፕሮፌሶር ኣስመሮም ለገሰ ኣብ 2000 ዓ/ም ዝቐረበ ጭቡጥ ዓመጽ ተሰኒዱ ኣብ ዩቱብ ተዘርጊሑ ኣሎ ምግንዛቡን ምሓዙን ኣገዳሲ እዩ። ከምቲ ዝበልክዎ ዓመጽን ስርቅን ሓሶትን ተንኮልን ናይ ኣበሓጎታቶም ውርሻ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ነሃሰ ኳል 4ተ ዓመት ትርከበን ኣብ ሓደ ወርሒ ጥራሕ 197 ደቂ ኣንስትዮ ተጋሩ በሕዋተን ተጋሩ ተዓሚጸን። ብዙሓት ተጋሩ ንደቆምን ኣሕዋቶም ዝዕምጹ ምኻኖም ብዙሕ ግዜ ኣብ ተለቪጅን ድምጺ ወያነ ይዝርጋሕ ነይሩ። ኣብ ትግራይ ኣብ ዓመት ልዕሊ 2500 ደቂ ኣንስትዮ ብተጋሩ ይዕመጻ። እቶም ብዓመጽ ደቂ ኣንስትዮን ስርቅን ኣብ መቐለ ልዕሊ 15000 ብገበን ተኣሲሮም ዝነበሩ ወያነ ፈቲሖ ናይ ኤርትራ ለንጀር ከዲኑ ኣውጺእዎም። እዚኣቶም ኣብ ዓመጽን ስርቅን ተዋፊሮም ኣለው። ነቲ ውርሻ ኣቦታቶምን ኣቦሓጎታቶምን ዓመጽን ስርቅን ሎሚ ኣብ ኤርትራውያን ከጸግዕዎ እንተ ፈተኑ ዝኣምኖም ሰብ ኮቶ የለን።

ኣብ ኤርትራ ኳል ኣንስተይቲ ተዓሚጻ ዝብል ሰሚዕና ኣይንፈልጥን። ስርቅን ዓመጽን ድማ ኣብ ኤርትራ ልሙድ ኣይኮነን ድሓር ድማ ሰራዊት ኤርትራ ብድስፕሊን ዝተሃንጸ እዩ ኣሽንኳይዶ ክሰርቕ ክዕምጽን ይትረፍ ንኽሽይንውን እንተኮነ ፍቓድ ሓቲቱ እዩ ዝሸይድ።

ውዳቤታትናን ማሕበረኮማትናን ኩሉ ኣቕምታትና ኣዋዲድና መዓንጣና ሸጥ ኣቢልና ከም ቀደምና መኸተና ከነሐይል ግዜ ዘየላቡ ምኳኑ ተረዲእና ድልዋት ክንከውን እዋኑ ሎሚ እዩ። ኣብ ልዕሌና ዝወርድ ዘሎ ጸለመ ኣነኣኢስካ ዝረኣ ኣይኮነን።

በጃ ኻትኹም ብርዕና ነልዕል ኩሉ ኤርትራዊ ማስ ሜድያ ይኽፈት ውዳቤታትና ነሐይል ካብ ኤምባስትትን ቆንስላትን ኣይንጸበ ኩሉ ኤርትራዊ ንሃገሩ ኣምባሳደር እዩ ኵላትና ከክእለትና ነወፊ ሓደራ።

ክብርን ዝኽርን ንሰማእታና

ዓወት ንሓፋሽ

ተስፋይ ጀርመን